# ደምበ ዕንክሊል፣ ደምበ ሽንኮለል

ደምበ ሽንኮለል ቁጽሪ ዘይብለን መዓልታዊ ከም ቫይረስ እንዳተራብሓ ንኤርትራዊ መንነትን ክብርን ንምቕታልን ንምርማስን ላዕልልን ታሕትን ዝብላ ዘለዋ ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ዝሓዛ እየን። ኣብዚ ተሓታትነት ዘይብሉ ብስም ነጻነት ከምድላይካ እትዕንድረሉ፣ ሓሶትን ዱሑር ዝንባሌታትን ብምርባሕ ሓንጎል ደቂ ሰብ ንምጽልማት ሉሙድ ስርሖምን ባህርያቶምን እዩ።

ደምበ ዕንክሊል ሞቦቆሉ ተጋደልቲ ጆብሃ ዝነበሩ ክሳብ መጀመርታ ሰማንያ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብ ስደት ዘምርሑ ኮይኖም ኣብዚ ኣርባዓ ዓመት ድማ ክዛረቡን ክነአእሱን እንተዘይኮይኖም ዋላ ሓንቲ ቁምነገር ዝሰርሕዎ የለን። እዞም ኣብ ስደት ዝበለዩ ተጋደልቲ ነበር፣ ነዚ ሓዲሽ ወለዶ ብዝተፈላለየ ምክንያት ካብ ሃገሩ ዝወጸ መርዛም ኣስተምህሮ እንዳሃቡ ካብ ሃገሮምን መንግስቶምን ንምፍላይ ዘይኺሕኩዎ መንደቅ የለን። ብዙሕ ኣይኸጉን እንበር ንውሑዳት ኣብ መስመሮም ብምስላፍ ብዙሕ ኣጸያፍን ኣነዋርን ክብረት ሃገርን ስድራቤታትን ተቃለስትን ብምድዋን ናይ ድሕረይ ኣይትብቆላ ዕላማ ተሰኪሞም ጉዕዞኦም ዘምርሑ ዘለዉ እዮም።

ውሑዳት ድማ ብገንዘብ መንግስትን ህዝብን ተማሂሮም ንዝተፈላለየ ዕላማ ናብ ደገ ተላኢኾም ከይተመልሱ ዝተረፉ ካልኣይ ገጽ ናይ'ዞም ናይ ጆብሃ ተጋደልቲ እዮም። ዕላምኦም ዝገበርዎ ጌጋታት ኣብ ክንዲ ምእራም፣ ንሓቂ ከምዝተበገሱ ክመስሉ ንህዝቢ ብምድንጋር ደለይቲ ፍትሒ መሲሎም ክራኣዩ ዝደልዩ እዮም።

እዞም ክልተ ጉጅለታት ዋላ'ኳ ናይ ሓባር መርገጽ ኣንጻር መንግስትን ህዝብን እንተለዎም፣ ነንሓድሕዶም'ውን ከም ዓሳ ባሕሪ ይባልዑ እዮም። እቲ ዝኸፍኤ ባህርያቶም ድማ ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ዕሸላውን ኣተሓሳስብኦም እዩ። በዚ ድሑር ባህርያቶም ድማ ነዚ ኣብ ስደት ዝነብር ህዝቢ ኣብ ተራጻምን መረዳድኢ ዘይርከቦ ቛንቛ ብምጥቃም ንዓበይቲ መራሕቲ ሃገርን ተቃለስትን ምውንጃልን ምንእእስን መዓልታዊ ህይወቶም እዩ።

ክብረት ዘይብሉ ሰብ ንኻልኦት ከኽብር ኣይትጽበዮን ኢኻ። እቲ ዝኸፍኤ ግን እቲ ተራ ሰብ ነዞም መዕበይኦም ዝበደሎም ሰባት ክሰምዕን ደድሕሪ ተባህለ ክኸይድ ዓገብ እዩ። ከምዚኦም ሰባት ኣድህቦ እንተገርካሎም ዓቢ ስራሕ ዝሰርሑ ስለዝመስልም መመሊሶም ጌጋታቶም እዮም ዝቕጽልዎ። ስለ'ዚ እዚ ዕላማን ስነ-ምግባርን ዘይብሉ ዘረባታት ካብ ምስማዕ ኣብ ቁምነገርን ውልቃዊ ስርሓትና እንተኣድሃብና ዝሓሸ እዩ።

ሓደ ሰብ ሃይማኖታዊ እምነቱን መበቆል ትውልዱን ንዑኡ ጥራሕ እዩ ዝምልከት። ንኹላትና ብሓባር ዝጠምረና ግን ሃገራውነትና እዩ። ኤርትራ ድማ ብሓባራዊ ሃገራውነትና ዝቐመት እያ። ተጋደልቲ ኣስላማይ ክስታናይ፣ ከበሳ መታሕት፣ ሓማስየን ኣከለጉዛይ፣ ሰራየ፣ ኩለን ቢሄራትና ብሓደ ከይፈላለዩ ሓንቲ ንእሽተይ ነጻላ ብሓደ ተጎልቢቦም ኣብ

ሓደ ድፋዕ ብሓደ ተሰዊኦም ዘምጽእዋ ሃገር እያ። ዝተኸፍለ መስዋእቲ ቀሊል ኣይኮነን። ታሪኽ ጀጋኑና ብኽብሪ ንሓዞ። ዝሓለፉን ዘለዉን ጀጋኑና ዘየኽበረ ሕጂ ካልእ ጅግና ክፈጥር ዘይሕሰብ እዩ።

ስለ'ዚ ነዚ ኣብ ደምበ ሽንከለል ዘሎ ድሑር ኣተሓሳስባ ኣጸቢቑ ክይሳዕረረ እንከሎ ብሓባር ያዕ ንበሎ። እዚ ድማ ብጸላእትና ተመዊሉ ዝውርወር ዘሎ ስነ-ኣእምራዊ ኩናት እቶም ብኹናትን ብሕግን ክስዕሩና ዘይካኣሉ፣ ሓድነትና ኣላሕሊሖምን በታቲኖምን ከምበርኹኹና ዝኣልምዎ ዘለዉ ውዲት ስለዝኾነ ሃየ ኣጸቢቕና ንጠንቀቐሉ።

ሕማም ኮቪድ-19 ንምምካት ብመንግስትን ህዝብን ብሓባር ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ብዓለም ደረጃ ኣድናቖት ይርከብ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ እዚ ሕማም ኣብ ኤርትራ ዘይተላባዕሉ ምኽንያት መንግስቲ ዝወስዶ ስጉምትን ውሳኔን ቅኑዕን ኣገዳስን ስለ ዝነበረ እዩ። እዚ ሓያል በዳሂ ስጉምቲ ዘይተወስደ ነይሩ እንተዝኸውን ኣብ ሃገርና ክወርድ ዝኽእል ዝነበረ ሳዕቤን ርዱእ እዩ። እንተዘይኮይኑ ንሕና ፍሉያት ፍጥረት ስለዝኾና ኣይኮነን እዚ ሕማም ከም'ቲ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝርኤ ዘሎ ዘይተላብዐ።

ብሓደ ኢድ ኣይጣቃዕን እዩ። መንግስቲ ዝሃቦ መምርሒ ህዝቢ ኣብ ግብሪ እንተዘየውዕሎ ድማ ሳዕቤናቱ ከም'ቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝርኤ ዘሎ ምኾነ። ስለ'ዚ ህዝብን መንግስትን ኢድን ጓንትን ኮይኖም ስለዝሰርሑ ዓቢ ዓወት ተመዝጊቡ ህዝብና ድማ ካብ'ዚ ቀዛፊ ሕማም ክድሕን ኪኢሉ። ተወሲዱ ዘሎ ውሳኔ ምርጫ ኣብ ቅድሚ ህይወትን ቁጠባን እዩ። ህይወት ኣይተገድሰናን እያ ፋሉል ንኺድ ኣብ ቁጠባ ጥራሕ ነተኩር እንተንብል እንታይ ሳዕቤን መጓነፈና ነይሩ? ኣብ'ዚ ናይ ኣሜርካን ብራዚልን ኣብነት ክኾነና ይኽእል እዩ። ምርጫ መንግስትና ቅድም ቀዳድም ህይወት ምድሓን እዩ። ማዕሪኡ ድማ ንጥዕና ብዘይሃሲ ስርሓት እንዳማላእና ልምዓታዊ መደባትን ፍርያምነት ምክያድ እዩ።

እቲ ዝበዝሕ ህዝብና ብሕርሻ ዝነብር ስለዝኾነ እዚ ናይ ምርጋጥ ወይ ኣብ ገዛ ኮፍ ምባል ኣይምልከቶን እዩ። ስለምንታይ ኣብ ሕርሻኡ ብውልቁ ፣ እኩብ ብዘይኮነ ኣገባብ ስለዝሰርሕ ዘሰክፍ የብሉን። ክሳብ ሕጂ'ውን ከም ቀደሙ ስርሑ የሰላስል ኣሎ። እቲ ኣሰካፍን ጥንቃቐን ዘድልዮን ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ዝነብር ህዝብና እዩ። ኣብዚ'ውን ኣብቶም ወሰንቲ ንልምዓታዊ መደባትን ንመባእታዊ መግብን ቀረብን ዘድልዩ ትካላት ክሳብ ሕጂ ብቐጻሊ ርሕቐት ብምሕላው ስርሖም የሰላስሉ ኣለዉ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሽግርን ጸበባን ተሓባባርን ተሓጋጋዝን እዩ። እዚ ሕጂ ኣብ መላእ ኤርትራ ዝርኤ ዘሎ ምትሕብባር ጭውነት ናይ ህዝብና ዘመስክር እዩ። ጥምየት ነይ ቀትል ዘይሸብዳዕዳዕ ዝብሃል ዘረባ ኣቦታትና ኣሎ። እዚ ለዋህ ህዝቢ ግን ካብታ ዘላቶ ኑቲ ዘይብሉ ብምክፋልን ብምሕጋዝን ሽግራት ናይ ጹጉማት ወገኑ የቃልል ኣሎ። ገለ ብጥረ ገንዘብ፣ ገለ ብዓይነት ገለ ድማ ኣብ ገዛውቶም ተኻሪይቲ ንዝኾኑ ካብ ሓደ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ሕድገት ይገብሩ ኣለዉ። ከምዚ ዓይነት ለውሃትን ምትሕግጋዝን ኣብ ብዙሕ ዓለምና ዘየሎ እዩ። ብሓቂ ድማ ምምሕዳራትን ማሕበራትን ሚስዮናትን ኣብ ምውህሃድ ናይ'ዚ ሓገዝ ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ገሮም እዮም።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ንሚኒስትሪ ጥዕና ዝገብር ዘሎ ኣበርክቶ ብዝኾነ ክትገልጾ ዘይክኣል ካልእ መርኣያ ጭውነት ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ብኣንጻር ናይ'ዚ ድማ እዞም ደምበ ሸንኮለል ነዚ ናይ ህዝቢ ኣበርክቶ ንምትዕንቓፉ ክሳብ ሕጂ ዘይተዛረብዎን ዘይገበርዎን የለን። ሓደ ሓደ ግዜ ንመንግስቲ ብንደነት ክነህበኩም ኢልናዮም ኣይንቕበልን እ.ና ኢሎምና ይብሉ፣ ሓንሳብ ድማ ከም ዶክተር ቶማስ ን ዶክተር ብርሃን ኣሕመድ ዝተባህለ ነባሪ ኣውስትራልያ ብስም እኩባት መሻምሽ ዶክተራት ዝሃብዎ መግለጺ ኣብ ቢ.ቢ.ሲ"ኣነ ዋላ ሓንቲ ሳንቲም ናብ ሃገር ኣይሰድድን እየ፣ ምኽንያቱ ኣብ'ዚ እዋን እቲ መንግስትን ህዝብን ክፈልዮም ስለዘይክእል" ክብል ዘለዎ ናይ ጽልእን ቅርሁንትን ገሊጹ።

እወ ብሓቂ መንግስትን ህዝብን ሓደ እንተዘይኮኑ እዚ ሒ ኣብ ኤርትራ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ኣይምተረኽበን ነይሩ።

ህዝብና ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ሓገዝ ክረክብ ኩሉ ዝፈትዎን ዝደልዮን እዩ። እንተኾነ እዞም ኣብ መደበር ስደተኛታት ኢትዮጵያን ሱዳንን ዘለዉ፣ ቀዳማይ ነገር ኣብ ትሕቲ ዑቕባ ናይ እዘን ሃገራትን ትካል ስደተኛታት ሃገራት ሕቡራት ሃገራት(UNHCR) እዮም ዘለዉ። ከም ሓተቲ ዑቕባ ድማ እቲ ኩሉ ንዓታቶም ዘድሊ እተን ሃገራትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ከማልኡሎም ግዴታ ኣለዎም። ካልእ ኣካል ነዞም ስደተኛታት ዝገብሮ ሓገዝ ድማ ብፍቓድን ብመንገድን ናይ እዞም ክልተ ኣካላት እዩ።

ከም ዝሰማዕናዮ እዞም ደንበ ዕንክሊል መንግስቲ ኤርትራ ብካሽ እንተዘይኮይኑ ብንብረት ኣይቅበልን ኢሉና እንዳበሉ መሸቀጢ ክገብርዎ ከም ዘይጸንሑ ናብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ካብ ኣሜርካ ወይ ኤሮጳ ብንብረት ድዮም ሰዲዶሞ? ከም'ቲ ተለቪዥን ትግራይ ብተደጋጋሚ ዝገልጾ ዘሎ እዚ ካብ ደገ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዝወሃብ ሓገዝ ብመንገዲ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣቢሉ ይዕደል ከምዘሎ ኣቦ ወንበር ማሕበርት ልምዓት ትግራይ ኣብ ፈነወ ተለቭዥን ትግራይ ኣብ ከባቢ 15 ግንቦት ገሊጽዎ ኣሎ። ማሕበር ልምዓት ትግራይ ካብ ተጋሩ ጥብ ትብል ሓገዝ ተሓሪምዎ ኣብ ዘሎ እዋን ንመሸቀጢ ቁሩብ ቁራብ ብስእልን ቪድዮን ንስደተኛታት ሓገዝ ተጌሩ ኢሎም እንተርእዩ ሓቂ ይመስል ይኸውን። ቁጽሪ ስደተኛታት ክገልጹ እንከለዉ ብኣሽሓት፣ ሓገዝ ክህቡ እንከለዉ ድማ ዉሑዳት። እዞም ደምበ ሸንኮለል ከምስሉ ጸብጻብ ኣቕሪብና እንተብሉ ዝተዋጽኤ ገንዘብስ እቶም ክልተ ሰረቕቲ ናይ ደምበ ሸንኮለልን ወያነን እዮም ተማቒሎሞ።

እዞም ኣብ ትሕቲ ደምበ ሸንኮለል ገንዘብ ኣዋጺእና ሰዲድና ዝብሉ፣ ነቲ ዝፈትውዎ ህዝቦም ሓደ ሰብ ካብ 100 ዶላር ንላዕሊ ዘይትኸውን እያ ሓገዞም። እዚ ድማ ኣብ'ቲ ድምር ዝተለገሰን ቁጽሪ ዝለገሱን ዝጠቕስ መዋዓዊኢኦም ክንዕዘቦ ንኽእል። ከም ኩሉ ግዜ ድማ እዚኣቶም በቓቓት ብሂወት በቓቓት ብገንዘብ ንህዝቦን ንሃገሮም እዮም።

ብኻልእ ሸነኽ እቲ ዝዓበየ ጥፍሽና ናይ'ዞም ሰባት ህዝብና ብብዝሒ ይስደድ ኣሎ ይብሉ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ ንምንታይ መደበር ስደተኛታት ይዕጸዋ ኣለዋ እንዳበሉ ኣውያት ይገብሩ። እዞም ሰባት እንታይ እዩ ድሌቶም? ሰብ ክስደድ መሸቀጢ ክገብርዎ። ስለዚ

እዮም ድማ መንእሰይ ሃጽ ኢሉ ካብ ዓዱ ንክወጽእ ጎስጋስ ዝገብሩ። ኣብ ክንዲ ዓድኻ ኣልምዕን ሓሉን ዝብሉ ሃየ ተሰደድ ይብሉ ኣለዉ።እዚ ድማ መንእሰይ ኣብ ሃገሩ ኮፍ ክብል ድልየት ከምዘይብሎም ዓቢ ጭብጢ እዩ።

ብመሰረቱ ስደት ብወያነን ምዕራባውያንን ተመስሪሑ ንኤርትራ ንምብትታን ዝተዳለወ መጋበርያ እዩ። ሕጂ ግን ድሕሪ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ኢትዮጵያ መደበር ስደተኛታት ክህሉ ዋላ ሓንቲ ሞንት የብሉን። መንግስቲ ኤርትራ ድማ ነዚ ምስ ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ሱዳን ኩሉ ማዓስከራት ክዕጾ ኣጥቢቁ ክሰርሓሉ ዘሎዎ ጉዳይ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ግርማይ የማነ 11/06/2020